ብዙሕ ኢዩ ሽግርና ክንብድሆ ግን ኣለና

ክቡራት ኤርትራውያን ብቐዳምነት ሰላም ፣ ብምቕጻል ንሕና ከም ህዝቢ ዓለም ክዛረበሉ ዝኻእለ ሓያልን ፍትሓዊ ንኽኸውን ህዝብና ተስፋ ዘንበረሉን፣ ንህዝቢ ዓለም ካኣ ብፍትሓውንውቱ ኣብ ኣፍሪቃ ከም ዝልለ ኮይኑ ዝተራእዩን ቃልሲ ኣካይድና ኢና።

ይኹን እምበር እቶም ብረታዊ ቃልሲ ዝመርሑ ዝነበሩ፣ ከም እቲ ንህዝብና ዝርኣዩን ንህዝቢ ዓለም ዘንጸብርቕን ዝነበረ ካብ ምኂን ዝተፈልየን ምስ ፍትሓውነት ዘይዛመድን ስውር ሕሰም እንከለዎም በቲ ካብ ሓቂ ዝርሓቑን ጌግኦም ንምስዋር ዝሕግዝን ኣቀራርብኦም ከምኡ ይመስል ኔሩ እምበር እቲ ሓቂስ ከምኡ ኣይኮነን።

በዚ ንህዝቢ ኣብ ሓቂ ዘይተመስረተን ፣ ካብ ክውንነት ብዝርሓቑን ኣጋኒኖም ብምቕራብን፣ክኽውን ዘይኽእል ተስፋ ብምሃብን ክፍጸም ዘይኽእል መብጽዓታት ብምድርዳርን ንህዝብና ነቲ ዘቕርብዎ ኩሉ ኣሚኑ ከም ዝስዕቦም ጌሮምዎ ኔሮም ኢዮም።

ብኸምቲ ብቓላት ዝገልጽዎ ግን ንኻልኣዊ ግርሞት ብዘተ እምበር ብነነጽ ክፍታሕ ከምዘይግባእ ብኹሎም ብዙሕ ይዝረበሉ ኔሩ ኢዩ ኣብ ምትግባር ግን፣ እቲ ዝኾነ ኣፍልጦ ዘይብሉን ካብ ድንቁርና ዘይተላቐቐን እኳ ዘይገብሮን ዘይቅበሎን ውግእ ሓድሕድ ኣሳዊሮም ዳኣ ንህዝቢ ከም ዝፋለስ ገበርዎ፣ በዚ ድማ ወዲ ሰብ ኣሽንኳይ ብሂወቱ ከሎ ንሪውሳኡ እኳ ዝልዓለ ክብሪ ዝዋሃቡ ዝነበረ ብቕሊል ምኽንያታት ሂወት ኤርትራውያን ክቕዝፉ ተራእዩ።

ካብ ክልቲኦም ወገን ካኣ መን ኢዩ እቲ ቀንድን ነዚ ከም ዝኽውን ዝገበረን ውግእ ሓድሕድ ዘሳውርን ዝነበረ ህዝቢ ሞቡጥ መርድኢ ኣብቲ እዋኑ ክረክብ ኣይክኣለን ክሳዕ ሕጂውን እንተኾነ ካብ ናይ ባዕሉ ግምት ሓሊፉ ዝፈልጦ ስለ ዘይብሉ እቲ ሓቅነት ናይቲ ሽው ዝነበረ ኩነታት ንታሪኽ ዝግደፍ ጥራይ ኢዩ፣ ነዚ ንምብራህ ውሩይ ደራፊ፣ ተኽልንኪኤል ገብሩ፣ ንመኖም ክሒድካ ንመኖም ክእመን ካብ ሓድሕድ ዘይሕሹ ዕንቅርቢት ተመን ኢሉ ደሪፉሎም።

ንህዝቢ ዓለም ካኣ ኣብ ወጻኢ ንዝርከቡ ምሁራት ኤርትራውያን ከም መሳርሒ ብምጥቃም እቲ ቃልሲ ውሕልነት ዝመልኦ ንሕሉፍ ዲሞክራሲ ዝቃለስ ፍትሓውነት ዝሕመረቱ ኣምሲሎም ብምቕራብ ንዓለም ኣደናጊሮም ኣብ ኣፍሪቃ ተስፋ ዘለዎም ኢዮም ተባሂሎም ክጽውው ጸኒሖም ኢዮም፣ እቶም በቲ እዋንቲ ብዘለዎም ዓቕሚ ነቲ ቃልሲ ኣሰንዮም ዝሓዝሑ ኤርትራውያን ዝምንሱ እምበር ዝው ቀሱ ኣይኮኑን፣ ኣብቲ እዋኑ ኩሉ ህዝቢ ብፍረ እቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ፣ ህዝቢ ኤርትራ ክቕስን ምኂኑ ኢዩ ዝኣምን ኔሩ።

እዚ ኩሉ ሕልኽላኻት ኣብ ቦትኡ እንከሎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብመላኽን ተመላኽን ወይ መን ኣውዲቑ ሓለፈ ምስ ተወድኤ ውን እቲ መላኺ ኣካል ኣብ መንግስትነት ምስ ደየበ ክፍጽሞ ዝራኣይ ዘሎ ተግባራት ካብ ዓይኒ ህዝብን ካብ ዓይኒ ዓለምን ስውር ስለ ዝኾነ ዳኣምበር፣ እቲ ሕጂ ዘለዎም ባህርያት ፍጥር ክብል ጀሚሩ ምስኦም ዝነበረ ኢዩ።

ንሳቶም ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ኩሉ ሂወቱ ሂቡ ህዝብን ሃገርን ካብቲ ዝነበረ መግዛእታዊ ሕሰም ንምድሓን ክጋደል ናብኦም ምስ ወፈረ በቲ ናይ ምድንጋር ልምዶም ካብ ዓይኒ ህዝብናን ህዝቢ ዓለምን ብምኽዋል ብሕሰም ዝመልኦ ኣታሓሕዛ ኢዮም ዝሕዝዎ ኔሮም፣ ንህዝቢ'ውን ኣብ'ቲ እዋን እቲ ተወሳኺ ናይቲ ዝነበረ ሕሰም ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኮይኖምዎ ኢዮም ኔሮም፣ ብሓጺሩ ጥዑይ ነገር ምግባር ካብ ባህርያቶም ወጻኢ ኢዩ።

እዚ ኩሉ ክገብሩ ከለው ነቶም ብእዋኑ እቲ ጌጋታት ተራዩዎም ኣካይዳኦም ኣሪሞም ኣብ ንቡር ኣካይዳ ንኽምለሱ፣ ኣብ ስርዓት እተመስረተ ኣማሓዳድራ ጌሮም ቃልሲ ክመርሑ ንምግባር ጻዕሪ ዘካየዱን ሕቶ ዘቕረቡን ኩሎም ተቓለስቲ እውን ግደ ስቓይን ሞትን ኮይኖም ከም ዝተረፉ፣ ናይ ትማሊ ተዘክሮ ኢዩ።

ስለ'ዚ ንሱ ተሞክሮ ኮይኑና ኣብ'ዚ እዋን እዚ ክነድኣና ንዝኽእል ነገር ኣለልዮም ሕቶ ንዘልዕሉ ብኣኽብሮት ክንሰምየምን ካብ ኣብ ጕድኣት ክስዕብ ዝኽእል ጌጋ ክንጥንቀቕን ኢዩ ዘለና።

እዚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዘውድዎ ዘለው ሽግር ክኽውን ዝኻእለ እኮ ብእዋኑ ማለት ካብ ክጅምርዎ ጅሚርና ምስቶም ኣብቲ በብእዋኑ ዓገብ ዝብሉ ንዝነበሩ ሰሚርና ዘድሊ ስጉምቲ ኣንጻር እቲ ናይ ተንኮል ተግባራቶም ክንወስድ ስለዘይካኣልና ኢዩ።

እስከ ንሱስ ስኣን ክእለትና ዲዩ ስኣን ንቕሓታና ሓሊፉ ሃገር ምስ ኣተው ናብ ጅብሃ ዝወፈሩ ዓዲ ክኽልከሉን ጉጅለ 15 ንለውጢ ሕቶ ከልዕሉ ከለው ኣብ ክንዲ ፍታሕ ምንዳይ፣ ነቶም ሕቶ ዘልዓሉ ኣብ ክድዓት ከም ዝተረኽቡ ብምጽላም፣ ክስምዑ ዘይኮነስ ክፍረዱ ከም ዘለዎም ምግባርን ክውን ንዝገበራ ተርእዮታት ዓገብ ብምባል ሓደ ኮንካ ተሪር መርገጽ እውን ኣይተራእየን፣ እዚ ካኣ ኣብ ሃገር ዝኾነ ተርእዮ እንተተጋህደ ዘይትግደስ ህዝቢ ምኂንካ ዘርኢ ኢዩ።

ሓደ ህዝቢ ነዚታት ኣለልዩን ስዒሩን ዓገብ ክብል ክኢሉን ጥራይ ኢዩ፣ናብ ሓደ ኣወንታዊን ዕሩይን ውጽኢት ክርከቦ ዝኽእል ዕውት መድረኽ ክሰግር ዝኽእል፣ ስለ'ዚ ኢዩ ብዙሓት ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ ተንተንቲ ናብቲ ዝሓለፈ ሕማቕ ታሪኽ ተመሊሶም ኣብ ምትንታን ክኣትዉ ዝግደዱ፣ ሕሉፍ ታሪኽ መስትያት ናይ ዝሓለፈ ጌጋኻን መነጸር ናይ መጻኢ ጉዕዞኻን ኢዩ።

ካብ'ዚ እምበኣር ጌጋ ካብ ምድጋም ክንጥንቀቕን ኪጋግዩና ንዝደልዩ ብትኩርነት ጠሚትና ካብ ክፍጽምዎ ንዝደልዩ ምድንጋራት ጠጠው ክነብሎም ወይ ክንዓግቶም ዘኽእል ንቕሓት ከነጥሪ እሞ፣ ኣብ ጉዕዞ ንቓልሲ ህዝቢና ኣንፈቱ ክጥምዝዝ ዝሓስብ ወይ ዘዳናግር ወይልኻ ክንብሎን ብንቕሓት ክንብድሆን ኢዩ ዝግብኣና።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ሕጂ ከም መወዳእታ መፍትሒ ክንጥቀመሉ ዘለና ሃግራዊ ዋዕላ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ኢዩ፣ ካብቲ ሕሉፍን ጠንቂ ናይ ኩሉ እቲ ሕሱም ናይ ቃልሲ ጉዕዞናን ሽግርናን ኮይኑ ዝሃስየና ዘሎ ኩነታትን ተዳጋጋሚ ሕሉፍ ጌጋታትን ብሓቂ ተማሂርና እንተ ዳኣ ኹንና እንምዘነሉ መሳብሮ ዝኾነ ጊዜ ይቕልቀል ኣሎ።

ንሱ ካኣ እዚ ሕጂ ኣብ ዝመጽእ ክካየድ ብኹሉ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሃግራዊ ዋዕላ ብውሕሉል ኣገባብን ብርጡብ ኣሰራርሓን ኣብ ምክያዱ ክንበቅዕ ኣለና ፣ እንተዘየለ እቲ ጉዳይ ኣድካምን ቀጻሊን ቃልሲ ዝሓትትን ዝኸበደን ክኽውን ኢዩ።

ብዛዕባ ሃግራዊ ዋዕላ ክግበር ኣለው ንዝብል ግን፣ ብመጀመርታ ነቲ ክግበር የብሉን ዝብል ኣካል ምስዓር እሞ ኩልኻ ኣብ ነጥበ ስምምዕ ክትበጽሕ ኣድላይነት ኣለዎ፣ ድሓር ካኣ እቲ ሃግራዊ ዋዕላ ንኹሉ ወዲ ሃገር ዝምልከትን ብተሳትፎ መላእ ህዝቢ ክፍጸም ከም ዘለዎን እምነት ኩሉ ኤርትራዊ ክኽውን ኣለዎ፣ ሓደ እምነት ዘለዎ ህዝቢ ነቕ ዘይብል ድልዱልን ውጺኢታውን ስራሕ ኢዩ ዝሰርሕ።

ኣብ'ዚ እምብኣር መላእ ህዝቢ ብኽመይ ክሳተፍ ኣለዎ ንዝብል ኣብ ዓቢ ስራሕ ዘእቱ ቅድመ ተደላይነት ዘለዎ ጉዳይ ኣሎ፣ ንሱ ካኣ ነቲ ናይ መላእ ህዝቢ ንጹር ዝርዝራዊ (categorical) መደብ ምውጻእ ከም ኣማራጺ ዝውሰድ ስለ ዝኾነ ዕምቆት ዘለዎን ሓደ ኣካል ሕብረ ተሰብ ከይዓገበ ንኽይተርፍ ብጥንቃቐ ክፋፈልካ ንምድላው ብዙሓት ለባማት ምጽዋዕ ዘድልዮ ስራሕ ኢዩ።

እዚ ብጥንቃቐ ክግበር ምስተኻእለ ግን ጉዳይ ኤርትራ ኣብቲ ኩሉ ክዓግበሉ ዝኽእል ደረጃ በጺሑ መላእ ህዝብና ኡፈየ ዝብለሉ እዋን ንኽንበጽሕ ዘደንጉ ኣይኮነን፣ ነቲ በዚ ኣገባብ'ዚ ዝተወድኤ ስራሕ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ካኣ ህዝብና ብሓጎስ ከም ዝቕበሎ ዘጠራጥር ከም ዘይኮነ ርግጽ ኢዩ።

እቲ ህዝቢ ዘይቅበሎ ዘሎ እኮ ብቕንዕነት ናይ እቲ ኣሰራርሓ ስለ ዘይትኣማመንን ብዓል መን ይሰርሕዎን ካብ ዝብል ሓድሕዳዊ ምጥርጣር ኢዩ፣ ብምልኣት ተሳትፎ ህዝቢ ከም ዝውዳእ እንተ ዳኣ ተጌሩ ግን ኩሉ ዓቢ እምነት ከም ዝገብረሉን ብሓጎስ ከም ዝቕበሎን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብ'ዚ ዝኾነ ኤርትራዊ ብዝለዓለን ከም ረቋሒ ውልቀ መሰሉን ጌሩ ብምርኣይ ንተሳትፎኡ ወይ መን ንኣይ ወኪሉ ይሳተፍ ኣሎ ዝብል ዕግበት ክሳዕ ዝረክብ መሰሉ ምኂኑ ኣሚኑ ብጽንዓት ክቃለሰሉ ዘለዎ ዕላማ ከም ዝኾነ ፈሊጡ ኩሉ ህዝቢ ንትግባሬኡ ክብ ብዝበለ ኣቓልቦ ጌሩ ክጽዕረሉ ኣለዎ ፣ ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዕወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን